# ቫስኩላር ሕማማት ረሲዕ

**ሓበሬታ ካብ ሽወደናዊ ማእከል ረሲዕ**



## ማህሰይታት ኣብ መትንታት ደም

ረሲዕ ዝብል ስም ናይ ብዙሕ ዝዓይነቱ ምልክታት ከም ኣብ ምሕሳብ፡ ኣብ መደብ ምውጻእን ኣብ ምዝርራብን ንዝጽገሙ ዝገልጽ እኩብ ስም እዩ። እቲ ምልክት ኣብ ኣእምሮ ብዝበጽሕ ዝተፈላለዩ ሕማማትን ማህሰይትን ዝስዕብ እዩ። ኣብ ቫስኩላር ዝብሃል ረሲዕ ኣብ መትንታት ደም ኣእምሮ ዘጋጥም ምልዋዋጥ ሕማማትን ማህሰይትን ዝስዕብ ስለዝኾነ፡ እዚ ሕማም እዚ፡ ረሲዕ መትንታት ደም ተባሂሉ'ውን ይጽዋዕ እዩ።

ቫስኩላር ሕማም ረሲዕ እቲ ብኻልኣይ ደረጃ ዝስራዕ ጠንቂ ሕማም ረሲዕ ኰይኑ፡ ን25–30 ሚእታዊት ድማ ይሸፍን። ኣብ ላዕለዋይ ዕድመ ምስቲ ዝዉቱር ሕማም ረሲዕ ዝኾነ ሕማማት ኣልዝሀሜር ተኣሳሲሩ ምምጻኡ ዘይንቡር ኣይኰነን።

## ስትሮክ ንተኽእሎ ምምጻእ ሓደ ረቛሒ እዩ

ሕማም ረሲዕ ቫስኩላር ዝተፈላለየ ጠንቅታት ክህልዎ ይኽእል መብዝሕትኡ ግዜ ንስትሮክ ስዒቡ ዝመጽእ እዩ። እዚ ማለት ከኣ፡ ነዝዕታት ደም፡ መድመይቲ ኣብ ሓንጎል ወይ ከኣ ኣብቶም ጸበብቲ መትንታት ደም ዘጻብብ ማለት እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ሓንጎል፡ ኣሰካፊ ዋሕዲ ኦክስጅን ከጋጥሞ ይኽእል። እቶም ዘጋጥሙ ማህሰይትታት ሽዑ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈት ኣጸጋሚ ዝገብሩ ምልክታት የምጽኡ። እቶም ምልክታት ኣየናይ ክፍልታት ሓንጎል ከምዝተሃስየ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለዩ እዮም።

## እቶም ምልክታት ይፈላለዩ እዮም

እቲ ኣቃሊልካ ክብሃል ዝከኣል፡ እቲ ማህሰይቲ ኣብ ቅድሚት ክፋል ሓንጎል እንተኾይኑ፡ ምዝሕታል ቅጽበታዊ ግብረ መልስን ኣድህቦን የስዕብ። ኣብ ከባቢ መትልሕ ዝበጽሕ ማህሰይቲ፡ እንተኾይኑ ምርሳዕ፡ ናይ ምዝርራብ ጸገም፡ ሓድሽ ንኽትመሃር ዘጸግም ይኸውን። ኣብቲ ዝዓመቑ ክፋል ሓንጎል ዝበጽሕ ማህሰይቲ፡ ኣብቶም ኣዝዮም ደቀቕቲ መትንታት ደም እንተኾይኑ፡ መብዝሕትኡ ግዜ ናይ ምንቅስቓስ ጸገም፡ መደብ ናይ ምውጻእን ምትግባርን'ውን የስዕብ።

ክንሓስበሉ ኣገዳሲ ዝኾነ ነገር፡ ጸቕጢ ነቶም ምልክታት የሐየሎም ምኻኑ እዩ።

## መብዝሕትኡ ግዜ እቲ መስርሕ፡ ደረጃ ብደረጃ እዩ ዝኸይድ

ሕማማት ረሲዕ መብዝሕትኡ ግዜ ተኸዊሎም እዮም ዝመጹ፡ ብዘገምታ ድማ እዮም ዝምዕብሉ። ኣብ ቫስኩላር ሕማም ረሲዕ ግን እቲ ምልክት ብቕጽበት እዩ ዝርአ፡ እቲ መስርሕ ሕማም ድማ ከም ሓደ መደያይቦ ክንስእሎ ንኽእል፡ ኩነታት ይሓምቕ፡ ደሓን ይኸውን ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ ድማ መሊሱ ይኸፍእ።



## ኣቐዲምካ ምርመራ ኣገዳሲ እዩ

ቫስኩላር ሕማም ረሲዕ ብቐሊል ፈተና ክረጋገጽ ኣይከኣልን እዩ። እቲ መርመራ፡ ምስቲ ሕሙምን መቕርቡን ብዝግበር፡ ተደጋጋሚ ፈተነታት፡ መጽናዕትታትን ዝርርባትን እዩ ዝህነጽ።

ውሰነ ሕማም ረሲዕ ዝወስዶ ግዜ 4–6 ሰሙናት እዩ። ቅኑዕ ሓገዝን ሕክምናን ኣብ ግዚኡ ምእንቲ ክወሃብ፡ ቀልጢፍካ ምጅማር ኣገዳሲ እዩ።

## ሓድሽ ማህሰይቲ መትንታት ከይጋጥም ምኽልካል

ንቫስኩላር ሕማም ረሲዕ ክፍውስ ዝኽእል መድሃኒት የለን። እቲ ሕክምና ኣብ ምክልኻል ዘድሃበ ኰይኑ ሓድሽ ማህሰይቲ መትንታት ንኸየጋጥም ዝዓለመ እዩ። እኩብ ደም ንኸጋጥም ልዑል ተኽእሎ ኣብ ዝህልወሉ፡ መቕጠኒ ደም ዝኸውን መድሃኒት ይውሃብ። ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ንስትሮክ ከቃልዕ ስለዝኽእል፡ ኣብ መብዝሕትኡ ኩነት፡ ምቁጽጻር ጸቕጢ ደም፡ ሓደ ሓደ ግዜ'ውን ብመድሃኒት ዝስነ ምቁጽጻር ክግበር የድሊ። ንነኣሽቱ መትንታት ሓንጎል ክሃሲ ስለዝኽእል፡ ሕማም ሽኰር'ውን ብጥንቃቐ ምቍጽጻር የድሊ እዩ።

## ንጽቡቕ ህይወት ዝኸውን መደብ ኣውጽእ

ጽቡቅን ትርጉም ዘለዎን ህይወት ንምምራሕ መደብ ከተውጽእ ምእንቲ ክትክእል፡ መግለጽን ምልክታትን እቲ ሕማም ክትረክብ ኣገዳሲ እዩ። ብጀካ እቲ መከላኸሊ ሕክምና፡ ካብቲ ናይ ሕብረተሰብ ክንክን ጥዕናን ሓልዮትን እውን፡ ዝርከቡ ክሕግዙ ዝኽእሉ መሳርሒታትን ካልኦት ኣበርክቶታትን ንዕለታዊ ህይወት የቃልሉ እዮም።

17 ታሕሳስ 2018 • ሽወደናዊ ማእከል ሕማም ረሲዕ ©

ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝተዳለዉ ሓበሬታታት፡ ካብ መርበብ ሓቲምኩም ንምውጻእ፡ መርበብ ሽወደናዊ ማእከል ሕማም ረሲዕ ተጠቐሙ፡ www.demenscentrum.se/Faktablad

Svenskt Demenscentrum
ሽወደናዊ ማእከል ሕማም ረሲዕ፡ Sveavägen 155, 113 46 Stockholm, 08 - 690 58 00, info@demenscentrum.se
www.demenscentrum.se